ክብረት | ፍትሒ | ብጾሓን ምጹ | ስጉምቲ :

# ቻርተር ምንቅስቓስ ንፍትሓዊ ለውጢ ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት

FIRM

# FIRM

ምንቅስቓስ ንፍትሓዊ ለውጢ ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ስደተኛታት፧ ንኹሉ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ስደተኛታትን ኣሳታፊ ፖሊሲታትን ዝጽውዕ፡ ንዲሞክራስያዊ ባህሊ ሐብረተሰብና ዘንጸባርቑ ነቲ ብሉጽ፧ ንማዕረ ክብርን ፍትሕን ኩሎም ድቂ ሰባት ደው ዝብል ታሪኽ ዓባይ ብሪጣንያ ዘማእከለ ኣትሓሳስባታትን ተበግሶታትን ከስምር ይጽዕር።

እዚ ቻርተር ድሕሪ ሰፊሕ ምይይጥ፡ ምስ ግዳያት ናይዚ ህልው ንስደተኛታት ዝምልከት ፖሊሲ፡ ቤተሰቦምን ኣዕሩኽቶምን፡ ንለውጢ ዝጉስጉሱ ፖልቲከኛታት፡ ጋዜጠኛታት፡ ንውልቀ ጉዳያት ሓላፍነት ተስኪሞም ዝዓሙ ሰራሕተኛታትን ወለንተኛታትን፡ ብዙሓት በዚ ኢፍትሓዊ ፖሊሲ ዓባይ ብሪጣንያ ንዝተብደሉ ዝሕግዙ ውልቀሰባትን፡ ዝማዕብለ ቻርተር ኢዩ።

ድሕሪ ሰፊሕ ምይይጥ ናይዞም ኣካላት፡ ነዚ ሽግር ንምእላይን ሓደ ዓይነታዊ ዝኾነ ለውጢ ንምምጻእን፡ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክምዘድልን ብምግንዛብ ነዚ ዝውድንን ምንገዲ ዝቑይስን ዝተጥርንፈ ውዳበን ምንቅስቓ ክህሉ ክምዝድልን ድማ ብሩህ ኮይኑ።

ካብዚ ብምብጋስ ምንቅስቓስና፡ ኣብ ኣትሓሕዛ ስደትኛታት መሰረታዊ ለውጢ ክመጽእ ዝሰርሑን፡ ንፍትሒ ደው ዝብሉን ዝጉስጉሱን ኣካላትን፡ ገስግስቲ ውድባትን ሓቢሮም ክሰርሕሉ ዝኽእሉ መሰረታዊ መትከላት ነዲፉ ንትግባረ ይዕድም።

**Sign the FIRM Charter**

firmcharter.org.uk info@firmcharter.org.uk @FIRMCharter

FIRM

# 1. ቻርተር ምንቅስቓስ ንፍትሓዊ ለውጢ ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት፡ ዝይገሃስ ክብረት ደቂ ስባት ብምሉእነት ክኽበር ይጠልብ

- ምንቅስቓስና ነዚ ህልው ንስደተኛታት ተጻባኢ ዝኾነ ሃዋህውን ፖሊሲታትን መንግስቲ ብህጹጽ ከብቅዕ ይጽውዕ።
- ነቲ ንስደተኛታት ዝበታትንን ናብ ሕሱም ድኽነት ዝሸምምን ፖሊሲ ክብቅዕ ይጽውዕ።
- ስደትኛታት ንጥዕናዊ ኣገልግሎት ክኸፍሉ ዘገድድ ኣሰራርሓ ብህጹጽ ከብቅዕን፡ንኹሉ ማዕረ ኣግልግሎት ዝብል ፖሊሲ ኣብ ስደተኛታት ተተግባርነት ክህልዎ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት (NHS) ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ደው ክብል ንጽውዕ።
- ማዕረ ዕድል ንትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ መሰል ናይ ምስራሕ ንኹሎም ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቑባን ክሕሎን ንጽውዕ።
- ንኹሉ ተፍጻምነትን ተግባራውነትን ንስደተኛታት ዝምልከቱ ሕግታት፡ ከም ኣባይቲ ስደተኛታት ምውራር፣ ስደተኛታት ምእሳርን ምጥራዝን ከብቅዕ ንጽውዕ።
- ንኹሎም በሕጋዊ መንግዲ ዝተመዝግቡ፡ ኣብ ምስርሒ ምምዝጋብ ዘለዉን ዘይተመዝገቡን፡ ስደተኛታትን ነበርቲ ዓባይ ብሪጣንያን ብመንግዲ ምዕሩይ ዕድል ዝህብ ሕጋዊ ነባርነት ዘፍቅድ ፕሮግራም ናይ ነባርነት መሰሎም ክረጋገጽ ንጽውዕ።
- ኩሉ ባርነት ድቂ ሰብን፡ ዝይሕጋዊ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ምስግጋር ደቂ ሰባት ብህጹጽ ከብቅዕ፡ ለበዋ ናይ ኣብቲ ዓውዲ ዝተዋፈራ ውድባት ክትግበርን ንጽውዕ።
- ሓደ ድልዱል መሰረት ዘለዎ፡ ንመሰል ሸቃሎ ዝከላኸል ሕጊ ብህጹጽ ክትግበር፡ ኣብ ክልተ ዝተገምዐን፡ ንረብሓ ስደተኛታት ሸቃሎ ብዝያዳ ዝጎድእ፡ ናይ ሸቐለት ስርዓተ-ሕጊ ብህጹጽ ክውገድ ንጽውዕ።
- ኣብ ክድምና ናይ ዝተዋፈራን/ዝተዋፈሩን ስራሕትኛታት መሰል ዝከላኸል ሕጊ ክህሉ፡ እንተላይ ኣስራሒ ናይ ምቑያር መሰል ንዳግማይ ኣብ ትግባረ ክውዕል ንጽውዕ።
- ቅልጡፍ፡ ሕሱርን ኣሳታፍን ዝኾነ ናይ ምጥያስን ስድራቤታት ናይ ምትእኽኻብ መንገዲ ክመቻቻእን ንመጻምዲ ቪዛ ዝተደንገገ፡ ንእቶት ምርኩስ ዝገብር ኣሰራርሓ ብህጹጽ ክውገድ ይጠልብ።
- ኣብዚ ንዝውለዱ ህጻናት ቀጥታዊ ናይ ዜግነት መሰል ዘፍቅድ ኣሰራርሓ ክትግበር ይጠልብ።
- ምስ ቪዛ ዝተኣሳሰር ንተጠቃምነት ህዝባዊ ጸጋታት ዝእግድ፡ ኣሰራርሓ ብቕልጡፍ ክውገድ ይጽውዕ።
- ንኹሎም ዜጋታት ኤውሮጳ ሙልእን ማዕረ መሰል ክህልዎም፡ ምጽጋንን ምስፋሕን ናጻ ናይ ምንቅስቓስ ምትክላት ክትግበር ንጽውዕ።
- ንኹሉ ባህሊ ዘይምትእምማንን፡ ንኹሉ መልክዓት ኣብ ዓሌት፣ ጾታ፣ ሃይማኖታዊ እምነት፡ ውድባዊ ተደናጋጽነትን ኣባልነተን ውልቀሰብ ሰባት፡ ናይ ስደትኛ ፍቓድ ምህላውን ዘይምህላውን፡ ወይ ውን መበቆል ሃገርን መሰረት ዝገብር ኣፍላላይ ከብቅዕ ንጽውዕ።

Sign the FIRM Charter

FIRM

# 2. ምንቅስቓስና ንፍትሒ ይጠልብ

**ፍትሒ ብደረጃ ሕጊ**

- ምንቅስቓስና ስደትኛታት ውሑስ፡ ርሑው፡ ንጻን ጽፉፍን ሕጋዊ ምኽርን ጥብቅናን ክረኽቡ ይጠልብ።
- ምንቅስቓስና ውሑስ ናይ ይግባይ መሰል ክህሉን፡ ይግባይ ካብ ሃገር ውጻኢ ክግበር ዘገድድ ኣሰራርሓ ከብቅዕ ይጠልብ።
- ምንቅስቓስና ኣብ ውሽጢ ናይ መንግስቲ ትካላት፡ ንጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ምምላስ ዝርኣዩ ትካላዊ፡ ቅርጻውን ናይ ፖሊሲ፡ ብፍላይ ድማ መዋቕራዊ ዝኾነ ዓሌታዊ ኣድልዎ ሕጋዊ ዝኾነ ተፍትሽ ክግበረሎምን ክስተኻኸሉን ይጽውዕ።
- ኩሎም ግዳይ ናይቲ ተጻብኣዊ ሃዋህውን ፖሊሲን ዝኾኑ ውልቀሰባት ብግቡእ ክክሓሱ ይጽውዕ።
- ኩሎም እቶም ንንጻ ምንቅስቓስ ዝእግዱ ኣሰራርሓታት ክውገዱ ይጽውዕ።
- ናይ ስደተኛ ማሕበራዊ ደረጃ መንነት   ከም ውሑስ ክፋል ኣብ ትሕቲ ሕጋጋት ማዕርነት 2010 ክጠቓለል ምንቅሰቓስና ይጽውዕ።

**ፍትሒ ብዓለማዊ ደረጃ**

- ምንቅስቓስና መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ኲናት ዝገብሮ ጣልቃ ምትእትታውን፡ ኩባንያታት ዓባይ ብሪጣንያ ዘካይድኦ ደረት ኣልቦ ምዝመዛን ጨቋኒ ኣሰራርሓን ብህጹጽ ከብቅዕ ይጽውዕ።
- ምንቅሰቓስና፡ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ መሰል ድቂ ሰብ ዝሰፈሩ ዓንቀጻት (ብውዕል 1951 ጀነቫ) ዝተነድፉ ሕጋጋት ሰብኣዊ ምሰላት፡ ካልኦት ኣብ ዓለምለኻዊ ውዕላት ዝተኻተቱ መሰላት፡ ብፍላይ እኳድኣ ኣካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾኑ (ከም UNRWL) ንመሰላት ብክብረትን ብሰላምን ምንባር፡ መሰል ናይ ዑቕባ ምሕታት፡ መሰል ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ምምላስ ብዘይ ቅድመኩነት ክኽበሩን ከተግበሩን ይጽውዕ።
- ምንቅሰቓስና ንጨቆንትን፡ ብሕጊ ዝይምእዘዙን ስርዓታት ዝኾነ ሓገዝ ክይግበረሎም ዝእግድ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ተግባራዊ ክኸውን ይጽውዕ።
- ምንቅስቓስና፡ ምንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዓለምለኻውን ፍትሓውን ዝኾነ ንስደተኛታት ዝምልከት ፖሊሲ ከተግብርን፡ ንውልቃዊ መኽሰብን ዘይንቡር ምዝመዛን ተባሂሉ፡ ብውልቀ-ኩባንያታትን መሰል ድቂ ሰብ ብዘየውሐሳን ትሓታትነት ዝጎድለን ሃግራትን፡ ሰብእዊ ዓያዩ ጉልበት፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝግበር ዘይሕጋዊ ምስግጋር ክቆጻጸርን ይጽውዕ።
- ምንቅሰቓስና፡ መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ኣብ ህጹጽ እዋን ንከባብያዊ ምሕደራ ዘገልግል ፖሊሲ ከተኣታቱ፡ ንምዕቃብ ዓለማዊ ከባቢ ክሰርሕን እንተተኻኢሉውን ንዝወረደ ክባብያዊ ዕንወት ክፍውስ ክሰርሕን፡ ንህልው ኣንፈት ከባብያዊ ብርሰት፡ ክቖልስ ክጽዕት ይጽውዕ።

Sign the FIRM Charter

FIRM

**ታሪኻዊ ፍትሒ፡**

ምንቅስቓስና፡ ዓባይ ብሪጣንያ ንኹሉ መግዛእታዊ ታሪኻ ትሓታቲት ምኳና ክትእመን፡ ንታሪኽ ምግዛእቲ ክትቅብል፡ ብስንኩ ናብ ወለዶታት ዝቐጸለ ታሪኻዊ ሕስም ህዝብታትን ሓላፍነት ክትስከም፡ ነቲ ዝወረደ ኣደራዕ ክትሕክሞን ንጽውዕ።

- ኣብ ግዜ መግዛእቲ ንዝተፈጸሙ በደላትን፡ ኢሰብኣዊ ምዝመዛታትን ይቕረታ ክትሓትትን፡ ክትክሕስን
- ንሕሉፍ መግዛእታዊ ፍጻሜታት፡ ጸረ መግዛእቲ ዝተኻየዱን ዝካየዱን ዘለዉ ምንቅስቓሳትን ብሚዛናዊ ምንገዲ ንህዝቢ ትምህርቲ ክውሃብን ወድዓዊ ርድኢት ብዛዕባ ዓሌትነትን ስደትን ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ክጠቓለልን ይጽውዕ።

## 3. ምንቅስቃስና እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ኢሉ ዘእንግድ ስርዓት ክህሉ ይጠልብ

- ምንቅስቃስና ሓደ ሃገር ለኸ ዝኾነ ኣሳታፊ ስትራትጂ፡ ኣብ መሰረታዊ ድሌት ስደተኛታትን፡ ምጻእቲ ዝኾኑ ኮሚኒትን መሰረት ዝገበረ፡ ኣብ መትከላት ምቕባል ጋሻ ፡ ምክብባርን ጸረ ዓሌትነትን ዝተመርኮሰ፡ ብግቡእ ዝተመወለ፡ንኹሉ ሕብረተሰብ ኣሳታፊ፡ ክብሪ ኩሉ ዝሕሉ ክህሉ ይጽውዕ።
- ምንቅሰቓስና ሓደ ነጻ ዝኾነ ንስርሓት ሚድያ ዝቆጻጸርን፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ሓሶት ዜናታት ዝዝርግሓን፡ ናይ ጽልኢ መደረ ኣንጻር ስደተኛታት፡ ጸለምትን፡ ኤስያዊ መበቆል ዝለዎምን ንኡሳን ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘእንግዳን ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ዝኽእል ኣካል ክህሉን ይጽውዕ።
- ምንቅሰቓስና ብመንግስቲ ዝግብሩ ናይ ምጥያስ ስርሓት ብዕምቈትን ስፍሓትን ክቑጽሉ ይጠልብ።

Sign the FIRM Charter

# 4. ምንቅስቓስና ተግባራዊ ስጉምቲ ይጠልብ።

**ከም ኣባላት ምንቅስቓስ ንፍትሓዊ ለውጢ ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት ኣብዞም ዝስዕቡ ናይ ትግባረ ምትከላትን ኣገባባትን ተወፊና ከም ንሰርሕ ነረጋግጽ።**

- ንሕና ካብ መሰረታት ጀሚሮም ንላዕሊ ኣብ ዝዝርግሑ ህንጡያት፡ ዕዉታትን መትከላውያንን ዝኾኑ ምንቅስቓሳትን ዘጎሳጉሳ ማሕበራትን ጉቡእ ተራና ከነበርክትን ናይ መሪሕ ተራና ክንጻወት ምኳና ቃል ንኣቱ።
- ምንቅስቓስና ብቐጥታ ብስደተኛታትን፡ ኣባላት ንኡሳን ኮሚኒቲታት ክምዝምስረትን ብኦኦም ከምዝምራሕን ከምዝምእዘንን ነረጋግጽ።
- ሓደ ኣሳታፊ ዝኾነ፡ ምስ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ኣብ ማዕርነት ተመስሪቱ ዝሰርሕ ፡ ንናይ ሓባር ምርድዳእ፡ ምክብባር ናይ ዕላማ ሓድነትን ዝምስርት ምንቅስቓስ ከምንምስርት ነረጋግጽ።
- ሓደ ዘባዊ፡ ሃገራውን ኣህጉራውን ኪዳን ምስ ኩሎም ምስ ስደተኛ ማሕበረሰብ ዝሰርሑ ውድባት፡ ጸረ-ዓሌትነት ጉጅለታትን ገስገስቲ ሓይልታትን ኪዳን ብምምስራት ከምንሰርሕ ቃል ንኣቱ።
- ክም ምንቅስቓስ፡ ኮማዊ ኣብ ትግባረ ዝነጥፋ ጉጅለታትን፡ ናይ ሓባር ወፈራዊ ዕማማትን ክምነወሃህድን ቃል ንኣቱ። እዚ ናይ ትግባረ መርሓ ሕንጻጽ፡ ናይ ምስልጣን ስርሓትን፡ ምዕሩይ ናይ ጸጋታት ምጥቃም ዕድል ንኹለን ኣብ ባይታ ዝነጥፋ ጉጅለታት ብምፍጣር ማዕር ስራሓትን ንጥፈታትን፡ ኣብ ምጉስጓስን ምውዳብን ከካይዳ ዕድል ክንፈጥር ቃል ንኣቱ።
- እብዚ ዓውዲ ዘይቅርዑይ ውድድር ንጸጋታት ብምውጋድ፡ ናይ ሓባር መንፈስ ብምኹስኳስን፡ ሓባራዊ ናይ ስራሕ መንገዲ ብምቕያስን ነዞም ኣብ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ መትከላት ብምግዛእ ስራሕና ክንፍጽም ምኳና ነርጋግጽ።

Sign the FIRM Charter

FIRM

## Sign the FIRM Charter

Contact us: info@firmcharter.org.uk
Copyright © 2020

The Fair Immigration Reform Movement Charter platform is powered by Migrant Organise Ltd.